# ቅ. መጽሓፍ ኣብ ሕይወት ሥድራ ቤት

ቅ.መጽሓፍ ኣብ ሕይወት ሓንቲ ሥድራ ቤት ሓደ ፍሉይ ናይ ክብሪ ቦታ ክወሃቦ ኣለዎ። ከመይ እቲ ሕይወት ዝህብ ቃል እግዚኣብሔር፣ መልእክቲ እግዚኣብሔር ንደቂ ሰብ ብከፊሉ ኣብ'ቲ ቅዱስ ጽሑፍ (ቅ.መጽሓፍ) ኢዩ ዘሎ።

ቅ.ግረጎርዮስ ዓብይ (ብ595 ዓ.ም.) ንቅ.መጽሓፍ እንክገልጽ ከምዚ ይብል ነበረ፡- *"ቅ.መጽሓፍ እንታይ ኢዩ? ካልእ ዘይኮነስ ናይ'ቲ ከኣሊ ኩሉ ኣምላክ መልእኽቲ ንፍጡራቱ ኢዩ። እቲ ንጉሥ ሰማይ፥ እቲ ጐይታ ዓሌት ደቂ ሰብን መላእክትን፣ እዚ መልእኽቲ'ዚ ንዓኻ/ኺ ንክትነብሮን ... ንክተናድዮን ኢሉ ኢዩ ልኢኹልካ/ኪ። ስለዚ መዓልቲ መዓልቲ ኣብ ልዕሊ ቃላት ፈጣሪካ ክተስተንትን እልምነካ/ኪ ኣሎኹ"* ይብል ነበረ።

## 1. ቅ.መጽሓፍ ምንባብ ንድኀነትና ናይ ግድን ዲዩ?

ሓደ ሰብ ሓንቲ ጊዜ ኣብ መዓልቲ ጥራሕ እናበልዔ፣ ሳሕቲ ጥራሕ እናተሓጸበ፣ ከማኡ'ውን ኣይጽሕፍ ኣየንብብ ኮይኑ ክነብር ይክእል'ዩ። ግን እንታይ ዓይነት ሕይወት ይነብር? ንሓደ ክነብር (ትንፋሱ ሓሊዩ) ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ጽቡቕ ሕይወት ክነብር ዝደሊ ሠለስተ ጊዜ ኣብ መዓልቲ ምብላዕ፤ ወትሩ ገጽካ ይኩን ሰውነትካ ምሕጻብ፤ ኣንቢብካን ጽሒፍካን ምክኣል ንድኀነት ናይ ግድን'ኳ እንተዘይኮነ፣ ኣገዳሲ፥ ኣድላዪ ኢዩ። ብዘይካኡ ሕይወቱ እንታይ ክመስል ከም ዝክእል ንምግማቱ ዘሸግር ኣይመስለንን። ስለዚ ምንባብ ቅ.መጽሓፍ ከኣ ኣብ ሕይወትና ናይ ግድን ኢዩኳ እንተ ዘይተባህለ ኣዚዩ ኣገዳስን ወሳንን ኢዩ። ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ኣዚዩ ተለዋዋጥን፥ ብዙኅ መጋገዪ ነገራትን ባህልታትን ትምህርትታትን ዘለዎ ዘመንና።

## 2. እምነት ካብ ምስማዕ'ዩ (ሮሜ 10፥17)

ብመሠረቱ ቤተ ክርስትያን ክተበሥር ዝተላእከት ማኅበርን፥ ሥድራ ኣምላክን ምኳና ወንጌላውያን ብንጹር ዝሕብሩና ነገር ኢዩ (ማቴ 28፥19-20፤ ማር 16፥14-20)።

- *"ናብ ኩሉ ዓለም ኪዱ፥ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል ስበኩ"* (ማር 16፥15)።
- *"ንሳቶም ድማ ወጺኦም ኣብ ኩሉ ሰበኹ፤ ጐይታ ከኣ ምስኣቶም ይዓዪን፥ ነቲ ቃል'ውን በቲ ዚሰንዮ ተኣምራት የጽንዮ ነበረ። ኣሜን"* (ማር 16፥20)።
- *"ወንጌል እንተ ሰበኽኩ ዝምክሓሉ የብለይን፥ ምክንያቱ ክሰብክ ምዙዝ እየ፥ ወንጌል እንተ ዘይሰበኽኩ ግና ወይለይ" (1ቆሮ.9፥16)*።
- *"ክርስቶስ ክሰብክ እምበር ከጠምቕ ኣይለኣከንን"* (1ቆሮ 1፥17)
- *"ወንጌል ብምብሣር ኣብ ክርስቶስ ኢየሱስ ዝወለድኩኹም ኣነ ኢየ። ስለዚ ንኣይ ምሰሉ እናበልኩ እምዕደኩም ኣለኹ"* (1ቆሮ 4፥15)።

- *"ብኩሉ ዓቕሊ ነቲ ቃል እናመሃርካ ብግዜን ብዘይጊዜን (ብጊዜ ራህዋን ብጊዜ ጸበባን)፥ ትጋህ፥ ኣረድእ፥ ገስጽ፥ ምከር"* (2ጢሞ 4፥2)።
- *"እምነት ካብ ምስማዕ'ዩ፥ እቲ ዝስማዕ'ውን ቃል ክርስቶስ'ዩ" (ሮሜ.10፥17)።*
- *"ከይኣመኑ ከመይ ኢሎም ስሙ ክጽውዑ፣ ቃሉ ከይሰምዑክ ከመይ ኢሎም ክኣምኑ፣ ሰባኪ እንተ ዘይተላኢኩሎምከ ከመይ ኢሎም ቃሉ ክሰምዑ። ኣእጋር እቶም ወንጌል (ሠናይ ዜና) ዜበስሩ ክንደይ ሰናይ ኢየን" (ሮማ 10፥14-15)።*
- ሲኖዶስ ኣፍሪቃ'ውን ነዚ ዝበልናዮ ሓሳብ መበገሲ ገቢሩ ከምዚ ይብል፦ ***"ሓላፍነት ምብሣር ወንጌል ንኩሎም ኣሕዛብ፥ እቲ መሠረታዊ ተልእኮ ቤተ ክርስትያን ኢዩ። ምብሣር ወንጌል ንቤተ ክርደስትያን ቀንዲ ዝተዋህባ ጸጋን ጸዋዕታን፥ ፍሉይ መለዪኣን ኢዩ። ቤተ ክርስትያን ንክተበሥር ኢያ እትነብር" (ቤተ ክርስትያን ኣፍሪቃ፥ EA,55)።***

## 3. ስለምንታይ ንቅ.መጽሓፍ ኣብ ሥድራ ቤት ክነንብብ፥ ክነጽንዕ፥ ክንጽሊ፥ ክንካፈል የድልየና?

- ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንክንፈልጦ (ሥራሑን ትምህርቱን)፤
- *"ነቲ መዘና ዘይብሉ ፍልጠት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ"* (ፊል 2፥8) ንክንመሃር። ምኽንያቱ ቅ.ጀሮም *"ንቅ.መጽሓፍ ዘይምፍላጥ ንክርስቶስ ዘይምፍላጥ ኢዩ"* ወይ *"ድንቁርና ቅ.መጽሓፍ ድንቁርና ክርስቶስ ኢዩ"* ይብለና።
- *ነፍሲ ወከፍ ሥድራ ብጸሎት ምስ እግዚኣብሔር ክትዛረብን፤ ብንባብ ቅ.መጽሓፍ ከኣ ንቃላቱ ጽን ክትብልን (ክትሰምዕን) ስለ ዝግብኣ።*
- *ብሓፈሻ ድላይ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ሥድራ ቤትን፤ ትምህርቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ሥድራ ቤትን ይመሃሩ።*
- *ክርስትያን ሥድራ ቤት ንኪዳና ኣብ ምሥጢር ክርስቶስ ንክትምሥርቶ፧*
- ክርስትያናዊ መርዓ *"ብጐይታ ኪኸውን ኣለዎ"* (1ቆሮ 7፥39)።
- *ተራ ወይ ሓላፍነት ሥድራ ቤት፥* ንውሉዳ ምንጪ ሕይወት ንክተመሓላልፍ ናይ ግድን ፍልጠት ቅ.መጽሓፍ ይሓትት ኢዩ።
- ፍሉይ ተራን ሓላፍነትን ክርስትያን ሥድራቤት ወንጌል ምብሣር ኢዩ።
- ክርስትና ኣብ ገዛ፥ ኣብ ሥድራ ቤት ኢዩ ዝጅምር፤ ከመይ ሥድራ ቤት *"ናይ ገዛ ቤተ ክርስትያን"* ኢያ።
- *ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሥድራ ቤት ቅ.መጽሓፍ ክህሉን ፍሉይ ተራን ክብርን ክወሃቦን ንሕይወት እታ ሥድራ ቤት ክምግብን ፍሉይ ጻዕሪ ክግበር ኣለዎ።*

## 4. ለበዋ ኣቦና ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ

በዚ መሠረት ኢዮም በዓል ጥዑም ዝክሪ ኣቦና ዮሓንስ ጳውሎስ 2ይ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብ ዝተፈላለ ኣጋጣሚታት ነዚ ዝስዕብ ኣገዳሲ ለበዋታትን ኣባታዊ ማዕዳን ዘመሓላለፉ፦

- *"ቃል እግዚኣብሔር ምእንቲ ክፍለጥን፡ ክፍቀርን፡ ክስትንተንን፡ ኣብ ልቢ ኣመንቲ ክዕቀብን (ሉቃ 2፡19.51)፤.....ቅ.መጽሓፍ ካብ እዋን ንኡስ ዕ ድመኦም ጀሚሩ፡ ኣብ ኢድ ኩሎም ኣመንቲ ንምብጻሕ ልዑል ጻዕሪ ክግበር ኣሎዎ" (E.A, 58)*[1]
- *"ብዝተሓደሰ ተገዳስነት ናብ ቅ.መጽሓፍ ንመለስ"* (TMA, 40)[2]።
- *"ምስማዕ ቃል እግዚኣብሔር ሕይወት ዝህብ ርክብ ኮይኑ፡ ክምዕብል፡ ቅ. መጽሓፍ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ስድራ ቤት ምህላዉ ብምርግጋጽ፡ በቲ ጥንታውን ወትሩ ሓዲስን ዝኮነ መለኮታዊ ንባብ (Lectio Divina)፤ ካብቲ ቅ. ጽሑፍ፡ እቲ ንሕይወትና ዝሓትትን (ዝምርምርን)፡ ዝመርሕን፡ ዝጸርብን፡ ሕያው ቃል ብምውጻእ ክድንፍዕ ኣድላዪ ኢዩ"* (NMI, 39)[3]።
- *"ኣብ መስርሕ ብስራተ ወንጌል፡ ኣገልገልቲ ናይ'ዚ ሕያው ቃል ንክንከውን፡ ንገዛእ ርእስና ወትሩ ቃል እግዚኣብሔር ክንምግብ የድሊ"* (NMI, 40)[4]
- *"ካብ ክርስቶስ እንደገና ንበገስ"*

## 5. ዕላማ ምንባብን ምጽናዕን ቅ.መጽሓፍ

### *5.1. መንፈሳዊ ጥሜትናን ጽምእናን የዕግበልና፤*

- *"እነሆ ኣነ ናብ'ታ ሃገር ጥሜት ዝሰደለን መዓልታት ኪመጻ ኢየን። እዚ ጥሜት'ዚ ግና ንምስማዕ ቃል እግዚኣብሔር እምበር ጥሜት እንጌራን ጽምኢ ማይን ኣይኮነን። ... ቃለይ ቃል እግዚኣብሔር ኪሰምዑ ናብዝን ናብትን ኪጐዩ ኢዮም። ..." (ኣሞ. 8፡11-12)።*
- *"ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዝሰቲ ግና፡ እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለዓለም ሕይወት ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኮኖ ኢዩ እምበር ንዘለዓለም ኣይኪጸምእን ኢዩ" (ዮሓ 4፡14)*
- *"እግዚኣብሔር ሕያዋይ ምኳኑ ካብ ጠዓምኩሞ፡ ብኣኡ ኣብ ድኅነትኩም ምእንቲ ክትዓብዩ፡ ከምቶም ሕጂ ዝተወልዱ ሕጻናት ነቲ ጽሩይ መንፈሳዊ ጻባ (ቃል እግዚኣብሔር) ብሃግም" (1ጴጥ 2፡2-3)።*

---

[1] . J.Paul II, *Ecclesia in Africa*, Post-Synodal Apostolic Exortation, Rome 1995, 58.
[2] . J.Paul II, *Tertio Millennio Adveniente*, Apostolic Letter, Rome 1994, 40.
[3] . J.Paul II, *Novo Millennio Ieneunte*, Apostolic Letter, At the Close of the Great Jubilee of the year 2000, Rome 2001.
[4] . Ibdem,

## 5.2. <u>ነቲ ናብ ድኅነት ዘብጽሕ ጥበብ ይምህረና፤</u>

<u>ዓለማዊ ጥበብ</u> ኣሎ። <u>መለኮታዊ ጥበብ</u> ከኣ ኣሎ፡።

*"ካብ ሕፃንነትካ ጀሚርካ ነተን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ትፈልጠን ኢካ። ንሳተን ንክርስቶስ ኢየሱስ ብምእማን ናብ ምድኃን ኬብጽሕ ዝክእል ጥበብ ኪህባካ ይክእላ ኢየን። ከመይ እቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዝተጻሕፈ ቅዱስ መጽሓፍ፣ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ፍጹም፣ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኣጸቢቑ ዝተዳለወ ምእንቲ ኪኸውን፣ ንትምህርቲ፥ ንተግሳጽ ንምእራም፣ ቅኑዕ ናብራ ንምምሃር ይጠቅም ኢዩ"* (2ጢሞ. 3፡15-17)።

## 5.3. <u>ኣብ ሕይወት ምስጢር ዓወት ይምህረና፤</u>

- *"ቃልካ መብራህቲ ንእግረይን ብርሃን መንገደይን ኢዩ"* (መዝ. 119፡105)።
- *"ነቲ ኣብኡ ዝተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ክትግብሮስ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፥ ነዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ካብ ኣፍካ ኣይትፍለዩ፣ ሽዑ መንገድካ ኪቐንዓካን ኪሰልጠካን ኢዩ" (ኢያሱ* 1፡8*)።*
- *"ብፁዕ ሰብ ኢዩ፥ እቲ ንምኽሪ ክፋኣት ሰባት ዘይሰምዕ፣ ብመንገዲ ኃጥኣን ከኣ ዘይከይድ፥ ኣብ ኣኼባ መላገጽቲ ድማ ዘይጽምበር፣ እኳ ደኣ ንሕጊ እግዚኣብሔር ብምእዛዝ ዚሕጐስ፣ ነቲ ሕጉ'ውን ለይትን መዓልትን ዚስተንትኖ፣ ንሱ ከም'ታ በብእዋኑ ፍሪኣ እትህብ፣ ቈጽላ ዘይነቅጽ፥ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ ዝተተኽለት ኦም ኢዩ፤ ዚገብሮ ኵሉ'ውን ይሰልጦ"* (መዝ 1፡1-3)*።*

## 5.4. <u>ብእምነት በርቲዕካ ንምዕባይ ይምህረና፤</u>

- *"እዚ ዝተጻሕፈ ከኣ ንስካትኩም ኢየሱስ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ምእንቲ ክትኣምኑ፣ ኣሚንኩም'ውን ብስሙ ሕይወት ምእንቲ ክትረክቡ እዩ"* (ዮሓ. 20፡31)።
- *"እቶም ሰብ በረያ ካብ'ቶም ኣብ ተሰሎንቄ ዚነብሩ ዝነበሩ ኣይሁድ ዝለበሙ ነበሩ፣ ነቲ ቃል ብምሉእ ልቦም ተቐበልዎ። እዚ ነገር'ዚ ከምኡ እንተኾይኑ ንኪፈልጡ ከኣ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣብ ጸጽባሕ ይምርምሩ ነበሩ። ስለዚ ብዙኃት ካብኣቶም ኣመኑ፣ ካብቶም ግሪካውያን ድማ ብዙኃት ክቡራት ኣንስትን ግሪካውያን ሰብኡትን ኣመኑ"* (ግ.ሓ. 17፡11-12)።

## 5.5. *ከመይ ጌርና ንኃጢኣት ከም እነሸንፍን፥ መንፈሳዊ ሕይወት ከም እንነብርን ይምህረና፤*

- *"ነቲ ዝገብሮ ኣይፈልጦን ኢየ፣ ከመይ ነቲ ዝጸልኦ ኢየ ዝገብሮ ዘሎኹ እምበር፥ ነቲ ዝደልዮ ኣይኮንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ ... ሠናይ ንምግባር ደኣ ድልየት ኣሎኒ'ምበር ምግባር ሠናይሲ የብለይን። ነቲ ክገብሮ ዝደልዮ ሠናይ ዘይኮነስ፥ ነቲ ክገብሮ ዘይደልዮ ነገር ኢየ ዝገብር ዘሎኹ"* (ሮሜ 7፥15-19)።
- *"ከመይ ጌሩ ኢዩ ሓደ መንእሰይ ንሕይወቱ ብንጽሕና ኪሕልዋ ዝክእል? ትእዛዝካ ብምሕላው ጥራይ ኢዩ። ... ንኣካ ምእንቲ ከይብድልሲ፥ ንሕግካ ኣብ ልበይ ዓቚርክዎ"* (መዝ. 119፥ 9,11)።

## 5.6. *ንሓቂ (ንምዕቃብን/ንምክልካልን)፣ ንጊጋ ንምንጻግን ይምህረና፤*

- *"መጻሕፍቲ ኮነ ኃይሊ ኣምላክ ሰኣን ምፍላጥኩምዶ ኣይኮነን ትጋገዩ ዘሎኹም?"* (ማር. 12፥24)
- *"ኩሉ'ቲ ብመንፈስ ኣምላክ ዝተጻሕፈ ቅ.መጽሓፍ ንምእራም፤ ቅኑዕ ናብራ ንምምሃር ኢዩ ዝጠቅም"* (2ጢሞ. 3፥16)።
- *"ንክርስቶስ ብልብኹም ከም ጐይታ ቀድስዎ። ብዛዕባ እታ ኣባካትኩም ዘላ ተስፋ ንዚሓተኩም ዘበለ ምላሽ ምሃብ ምእንቲ ክትክእሉ ኩሉ ሳዕ ድልዋት ኩኑ። ግናከ ብለውሃትን ብክብርን ግበርዎ"* (1ጴጥ. 3፥15)።

## 5.7. *ብከመይ ንክርስቶስ ክንምስክር ከምእንክእል ይምህረና*

- *"ከመይ ኩሉ'ቲ ብመንፈስ ኣምላክ ዝተጻሕፈ ቅዱስ መጽሓፍ፣ እቲ ናይ ኣምላክ ሰብ ፍጹም፣ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ኣጸቢቑ ዝተዳለወ ምእንቲ ኪከውን፣ ንትምህርቲ፥ ንተግሣጽ፥ ንምእራም፣ ቅኑዕ ናብራ ንምምሃር ይጠቅም ኢዩ"* (2ጢሞ. 3፥16-17) ዝብለና።
- *"ደጊምሲ ባዕላትና ሰሚዕና ደኣ እዚ ሰብ ብሓቂ ክርስቶስ መድኅን ዓለም ምዃኑ ፈሊጥና እምበር ብዘረባኺ ኣይኮንናን እንኣምን ዘሎና"* (ዮሓ. 4፥42)።
- *"ብዛዕባካ ብእዝነይ ሰሚዐ ነይረ፣ ሕጂ ግና ብዓይነይ እርእየካ ኣሎኹ፥ ስለዚ ንርእሰይ እፍንፍን ኣሎኹ፣ ኣብ ሓመድን ሓመኵሽትን ኮይነ ከኣ እንሳሕ ኣሎኹ"* (ኢዮ. 42፥5-6)።

# 6. ብግልካ ወይ ምስ ስድራካ ቅ.መጽሓፍ ንምንባብን ንምስትንታንን ንምጽላይን ዝሕግዝ ኣገባባት

ሰብኣይን ሰበይትን እቶም ብጹሓት ኣባላት ሥድራ ቤትን ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣጸናንዓ ወይ ኣስተንትኖ ቃል እግዚኣብሔር ተጠቒሞም ብግልን ብኃባርን ንቅ.መጽሓፍ ከንብቡን፥ ከጽንዑን፥ ሓድሓድ ክካፈሉን፥ ክጽልዩን ይግብኦም።

*ኣብዚ መሥርሕዚ እቶም ኣቐዲሞም ብግሎም ዘጽንዕዎ ኢዮም እቶም ብዝበለጸ ምስ ካልኦት'ውን ዘጽንዕዎ፣ እቶም ኣቐዲሞም ንበይኖም ዝጸልዩ ኢዮም፣ ብዝበለጸ ምስ ካልኦት ከኣ ክጽልዩ ዝክእሉ። ስለዚ እቲ ናይ ኃባር ንባብን ኣስተንትኖን ጸሎትን ብግሊውን ክግበር ጽቡቕ ኢዩ።*

## 6.1. 1ይ - ኣገባብ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላክ ብግልካ

1. ***ምንባብ፥*** ክሳብ ነቲ ጽሑፍ ብጽቡቕ እትርድኦ ደጋጊምካ ኣንብቦ። እቲ እተንብቦ ክፍሊ፣ ሓደ ምዕራፍ ክኸውን ይክእል፣ ወይ ገለ ቊጽሪታት ናይ'ቲ ምዕራፍ ጥራሕ ክኸውን ይክእል።

2. ***ኣስተንትኖ፥*** ብዛዕባ'ቲ ዘንበብካዮ ክትሓስብን ክተስተንትንን ጀምር። እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ንኣስተንትኖካ ፍረ ብዘለዎ ኣገባብ ንምጥቃም ክሕግዘካ ይክእል ኢዩ።

ሀ) ኣብዚ ዘንበብኩዎ፡-

- *ክክተሎ ዝግብኣኒ ኣብነት ኣለዎዶ?*
- *ክእርሞ ወይ ካብኡ ክርሕቕ ዝግብኣኒ ጌጋክ ኣለዎዶ?*
- *ክእዘዞ ዘሎኒ ትእዛዝካ ኣለዎዶ?*
- *ክምልሶ ዘሎኒ ሕቶክ ኣለዎዶ?*
- *ክኣምኖ (ክቕበሎ) ዘሎኒ ተስፋዶ ኣሎዎ?*
- *ክንስሓሉ ዘሎኒ ኃጢኣትዶ ይሕብረኒ ኣሎ?*
- *ብዛዕባ እግዚኣብሔር፥ ብዛዕባ ሕይወት፥ ብዛዕባ ዓለም ክኣምኖን ክፈልጦን ዘሎኒ ትምህርቲክ ኣለዎዶ?*

ለ) ካብ'ዛ ንባብ እዚኣ ዝተመሃርካያ ቀንዲ ትምህርቲ ኣየነይቲ ኢያ? ኣበየነይቲ ቊጽሪ ወይ ቊጽሪታትክ ብዝያዳ ተገሊጻ ኣላ? ነዛ ቁጽሪ እዚኣ ብርእስካ ክተጽንዓን ክትዝክራን ጽዓር። ከመይ ንወትሩ ክትጠቕመካ እያ።

3. ***ምጽላይ፥*** ኣብ ልዕሊ'ቲ ካብ'ቲ ንባብ ዝረከብካዮን ዝተመሃርካዮን ጦብላሕታታት ጸሊ። ብዝያዳ ንምርዳኡ ይኩን ንምጥራዩ።

## 6.2. 2ይ - ኣገባብ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላክ ምስ ሥድራካ

እዚ ዝስዕብ ኣገባብ ምስ ጋንታ ወይውን ምስ ቿልዑካ ኮንካ ኣብ ሥድራ ቤት ክግበር ይከኣል።

1ይ- ደረጃ፡- መክፈቲ ጸሎት ወይ መዝሙር ተገብር፤

2ይ- ደረጃ፡- *"በሉ ነቲ እግዚኣብሔር በዚ ክነንብቦ ዘሎና ቅ.መጽሓፍ ክብለና ዘለዎ ብምስትውዓል ንስምዓዮ"* ዝብል ሓጺር መእተዊ ወይ ካልእ ንዓኡ ዝመስል ጌርካ ንምስማዕ ምስንዳው።

3ይ- ደረጃ፡- ካብቶም ወለዲ ሓደ ነቲ ዝተነበበ ክፍሊ ብሕጽር ዝበለ ኣገባባ ነቲ ቀንዲ መልእክቱ እናነጸረ ይደግሞ።

4ይ- ደረጃ፡- እቶም ቆልዑ ዝተረድኡዎን ዘይተረድኡዎን ንምርግጋጽ 2 ወይ 3 ሕቶታት ምሕታቶም። ወይውን እቶም ቆልዑ ብዛዕባቲ ዝተነበበ ሕቶ እንተለዎም ንክሓቱን፤ ብናቶም ኣገባብን ቋንቋን ነቲ ታሪክ ንክደግምዎ ምትብባዮምን ዕድል ምሃቦምን።

5ይ- ደረጃ፡- ድኅሪ ኣስተንትኖን ምክፋል ሓሳብ ሓድሓድን ኩላ እታ ሥድራ ንሓንቲ ኣገዳሲትን፡ ነቲ ቀንዲ መልእክቲ ሒዛ ኣላ ዝብልዋን ጠቕሲ ክሽምድድዋ (ብርእሶም ክሕዝዋ) ጽቡቕ ኢዩ።

6ይ- ደረጃ፡- መዕጸዊ ጸሎት ወይ መዝሙር።

*<u>ለቡ</u>፡- ኣብ ኩሉ'ዚ መስርሕ'ዚ ነቲ ዕለት ዕለት ዘንበብካዮን ዘሕደረልካ ጠብላሕታን፣ ዝተመሃርካዮን፣ ዝገጠመካ ጸገማትን እተመዝግበሉ ጥራዝ ወይ ኣጀንዳ ምሓዝ ኣዚዩ ሓጋዚ ኢዩ።*

6.3. ገለ ካብቶም <u>ኣብ ሥድራ ቤት ከም መጀመሪ ምስ ቆልዑካ</u> ኮንካ ክተንብቦም እትክእል ክፍሊታት ቅ.መጽሓፍ እዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ክንቕርብ ንክእል።

| | |
|---|---|
| ኤፌ 5፡11-33 | ዮሓ 15፡1-10 |
| ቈላ 3፡12-21 | ያዕ 5፡7-20 |
| ፊል 2፡1-6 | ሉቃ 11፡1-13 |
| 1ቆሮ 13፡1-7 | ሉቃ 15፡11-31 |
| ዕብ 13፡1-6 | ሉቃ 2፡41-51 |
| ኤፌ 4፡17-32 | ሮሜ 12፡1-21 |
| 2ጢሞ 3፡12-17 | |

6.4. ብተወሳኺ እዞም ዝስዕቡ <u>*ንቆልዑ ምክሪ ዝህቡ ክፍሊታት'ውን*</u> ክንውስክ ንክእል፤

| | |
|---|---|
| 1ሣሙ 3፡1-21 | ማቴ 21፡28-32 ምሳሌ ክልተ ደቂ |
| ምሳሌ 1፡7-9 | መክ 12፡13-14 |
| ሢራክ 3፡1-9 | መዝ 37 ክፋፊልካ ክንበብ ይከኣል፤ |
| ሉቃ 18፡15-17 | መዝ 119 " |
| ማቴ 19፡13-15 | |
| ማር 10፡13-16 | |

መዝ 139 "

እዚ ገለ ካብቲ ንመጀመሪ ክሕግዘና ዝክእል ማለት እምበር ቅ.መጽሓፍ ብምልኡ ንምንባብ ክንጽዕር የድሊ። ከምይ መልእክቲ እግዚኣብሔር ኣብ ምሉእ ቅ.መጽሓፍ ከምዘሎ ምግንዛብ ጽቡቕ ኢዩ።

## 7. ንሕጻናት ከመይ ጌርና ኢና ቅ.መጽሓፍ እነለማምዶም?

ወለድን እቶም ብጹሓት ኣባላት ሥድራ ቤትን በብተርታ ነቶም ናእሽቱ ከም ኣወሃህድቲ ወይ መራሕቲ ናይ ኮይኖም ክሕግዙዎም ኣለዎም። ኣቲ ዕላማ ነቶም ናእሽቱ ካብ ንእስነቶም ቅ.መጽሓፋዊ ትምህርትን መሪሕነትን ብምሃብ ኣብ ቅ.መጽሓፍን ትምህርቲ ቤተ ክርስትያንን ዝተመሥረተ ድልዱል ክርስትያናዊ ሕይወት ከማዕብሉ ምሕጋዝ ኢዩ። ንሕጻናት ካብ ንእስነቶም ምስ ቅ.መጽሓፍ ክላለዩን፣ ብኣኡ ክምርሑን፣ ናይ ቃል እግዚኣብሔር ጥዑይን ቅኑዕን ኣተና ከጥርዩን ምምራሖምን ምርኣዮምን የድሊ። ከመይ *"ቆልዓ ብንእሱ ቆርበት ብርሑሱ"* ምኳኑ ኩልና እንፈልጦ ኢዩ። በዚ መሠረት ኢዩ መጽሓፍ ምሳሌ *"ንቆልዓ እታ ክከደላ ዚግብኣ መንገዲ ኣላምዶሞ ምሉእ ሕይወቱ ካብኣ ኣይኪልግሰን ኢዩ"* (22፡6) ይብለና። ስለዚ ቆልዑ ወትሩ ኣብ ቤቶም ቃል እግዚኣብሔር ዝሰምዑሉ ኣገባብ ምፍጣር ኣዚዩ ጠቃሚ ኢዩ።

7.1. ቅ.መጽሓፋዊ ታሪክ ምንጋር፤
7.2. ምስ ኩነታት ሕይወት ዝተዛመደ ኣቀራርባ ምጥቃም

## 8. ክትጥንቀቑሉ ዘሎካ ጌጋታት

ካብ'ቲ ብዙኅ ሰለስተ ጌጋ ርድኢታት ምውጋድ ኣገዳሲ ኢዩ።

*8.1. ንቅ.መጽሓፍ ብምስማዕ (dictation) ዝተጻሕፈ ገርካ ምርዳእ።*
*8.2. ንቅ.መጽሓፍ ቃል ንቓሉ ምውሳድ።*
8.3. ቅ.መጽሓፍ መንምን ድላይካ እትገብሮን እተብሎን ነገር ኣይኮነን።
8.4. ድኅነት ናይ ሓደ ሰዓት ወይ መዓልቲ መስርሕ ኣይኮነን፤ *"ድኂነ ኢየ፣ ንጐይታ ረኺበዮ ኢየ፣ ዘሕድገኒ የቢለይን እንተ ኃጣእኩ እንተ ዘይኃጣእኩ ፍልልይ የቢሉን። ግብረይ ንድኅነተይ ክንክየሉን ክውሰኸሉ ዝክእል ነገር የቢሉን። ድሮ ጐይታ ዕዳይ ከፊሉለይ ኢዩ........."* ወዘተ።
8.5. ቃል እግዚኣብሔር ንበይኑ ገርካ፣ ካብ ሕይወትን ሥርዓተ ኣምልኮን ምስጢራትን፣ ኣገልግሎት ፍቕርን ክንጸል የቢሉን።

ስለ'ዚ ሓደ ሚዛን ዝሓለወ ርክብ ሥድራ ቤትን ቅ.መጽሓፍን ንክትሃንጽ፣ ቃል ኣምላክ ማለት ኢየሱስ ክርስቶስ ማለት ምኳኑ ወይ ርክብ ምስ ቃል ኣምላክ ማለት ርክብ ምስ ኢየሱስ ክርስቶስ ማለት ርክብ ምስ ሓደ ሕያው ኣካልን፣ ርክብ ናይ

ሕይወትን ምኳኑ ምርዳእ። እቲ ቃልን እቲ ሕይወትን ነንሕድሕዱ ዝመጋገብን ዝተተሓሓዘን ክከውን ኣለዎ።

## 9. ከመይ ገቢርና ክነንብቦ ይግባእ?

9.1. ነቲ ጽሑፍ ብክብሪ ምንባቡ ይግባእ፥
9.2. ካብ ሕይወት ተበጊስካን ምእንቲ ሕይወትን ምንባቡ ይግባእ፥
9.3. ኣብ ቤተ ክርስትያንን ምስ ቤተ ክርትያንን ምንባቡ ይግባእ።
9.4. ብእምነት ተንቀሳቒስካን ተመሪሕካን ምንባቡ ይግባእ፥

## 10. ካቶሊካዊ መምርሒ ኣተረጓጉማ ቅ.መጽሓፍ

10.1. እቲ ጽሑፍን ሰፈሩን (ዝርከበሉ ክፍሊ)፥ ዓይነት ወይ ኣገባብ ኣጸሓሕፋኡን ኣብ ግምት ምእታው፤

### 10.2. ትሕዝቶን ኃድነትን ቅ.መጽሓፍ ምክባር፤

<u>ንኣብነት</u> - ማቴ 26፥26-28 (ምስራዕ ቅ.ቊርባን) ምስ ዩሓ 6 (ኣስተምህሮ ብዛዕባ ቅ.ቊርባን)፤ 1ቆሮ 11፥23-27 (ኣፈጻጽማ መኣዲ ቅ.ቊርባን) ተተሓሒዙ ክርአን ክትርጎምን ኣለዎ። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ገና ነዚ ክፍልታት'ዚ ንምርዳእ ዝሕግዝ ካልእ ካብ ብሉይ (ዘጽ 12፥23-27, 24፥8፤ ኢሳ 25፥6-9፤ መዝ 23፥1-5 ...ወዘተ) ይኹን፤ ካብ ሓዲስ (ማር 14፥22-26፤ ሉቃ 22፥14-23፤ ዕብ 9፥18-22 ...ወዘተ) ክነንብብ ይከኣል።

10.3. ምስ ዓንቀጽ እምነት ምውድዳሩ ምትሕሓዙን የድሊ፤

10.4. ቋንቋ ቅ. መጽሓፍ ቃል ንቓሉ ክውሰድ የቢሉን፤

<u>ንኣብነት</u>፥-

- ማቴ 5፥29፤ *"ዓይንኻ እንተ ኣስሓተትካ በጥቍልካ ደርብያ ..."*፤
- ማቴ 19፥23-24 *"ሃብታም ናብ መንግሥተ ሰማይ ካብ ዝኣቱስ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክሕልፍ ይቐልል....")*፤
- ሉቃ 14፥26፥- *"ናባይ ዝመጽእ እንተሎ'ሞ፥ ኣቡኡን ኣዶኡን፥ ሰበይቱን ደቁን፥ ኣሕዋቱን ኣሓቱን፥ ሕይወቱ ከይተረፈት እውን እንተ ዘይጸልኣ፤ ወደ መዝሙረይ ክከውን ኣይክእልን ኢዩ"*። ተመሳሳሊ ሓሳብ ከኣ ኣብ ማቴ 10፥37-39 ርአ።

- ሉቃ 17፥6፡ *"ክንዲ ፍረ ኣድሪ እትኣክል እምነት እንተ ትህልወኩም ነዚ ሳግላ ተመንቀሎስካ ኣብ ባሕሪ ተተከል ምበልኩሞ'ሞ ንሱ ከኣ ምተኣዘዘኩም ነይሩ"።*

## 10.5. ብሉይ ኪዳን፡ ብመንጽር ክርስቶስን ሓዲስ ኪዳንን ክትርጎም ኣለዎ፤

ከም መዝ 137፥8-9 ዝኣመሰሉ ጽሑፋት ምስ ክርስቶስን ምስ ሓዲስ ኪዳንን ክርአ ኣለዎ። ምስኡ ተራኢዩ ዘይጋጠም እንተ ኮይኑ ድካምነት ሰብ ዘመክትን፡ ባህልን መንፈስን ደቂ እዋኑ ዝገልጽን፤ ብክርስቶስ ምልኣት ዝረከበ ዝመሓየሽ ምኳኑ ምግንዛብ የድሊ። ንመምሃርን ነቲ ናይ'ቲ እዋን ኣተሓሳስባ ክንርዳእ ዝሕግዘናን መለበምን ደኣ እምበር፤ ሎሚ ክንምርሓሉ ዝግባእ ኣይኮነን። እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ካብ ከምኡ ዝኣመሰለ ኣተሓሳስባ፡ ኣውጺኡን ኣታቲዩን ናብ ምልኣት ሓቂ ከም ዘብጽሖ ንክንፈልጥ ዝሕግዘና ጥራሕ ኢዩ። ስለ'ዚ ብመንጽር ሕይወትን ትምህርትን ክርስቶስ ክርአ ኣለዎ።

*"እግዚኣብሔር ሠናይን ቅኑዕን ኢዩም፡*
*ንኃጥኣን መንገዱ ኪምህሮም ኢዩ፤*
*ንሱ ንትሑታት ብቕኑዕ መንገዲ ይመርሖም፤*
*ፍቓዱ ከኣ ይምህሮም፤*
*እግዚኣብሔር ነቶም ኪዳኑ ዚሕልዉን፡*
*ከም ትእዛዙ ዚነብሩን፡*
*ብሓቅን ብፍቕርን ይምህሮም"*
*(መዝ 25፥8-10)።*